**Ass. of Disabled Eritreans** **Ass. Erythréenne d'Invalides**
**ADE** **A.E.I.**

# ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን።

## መሪር ሓዘን
## መስዋእቲ ብጻይና ተጋዳላይ
## ዘውደ ገብረገርጊስ ብርሃኑ
## 1935 - 2006
## ከሰላ - ሱዳን።

መስዋእቲ ብጻይና ተጋዳላይ ዘውደ ገ/ገርጊስ፤ ኣባል ውጉኣት ሓርነትን፤ ኣባል ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማንን፤ ሎሚ መዓልቲ ዕለት 27/04/2006 ብሕማም ምኽንያት ኣብ ከተማ ገዳርፍ - ሃገር ሱዳን፤ ክዓርፍ ከሎ፤ ሎሚ መዓልቲ ከኣ ኣብ ከተማ ከሰላ ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ከምዝተፈጸመ ንሕብር። ንኩሎም ቤተ-ሰቡን፤ ንኹሎም ኣባላት ተ.ሓ.ኤ. ሰ/ባይቶን፤ ንኹሎም ኣባላት ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማንን፤ ከኣ ጽንዓት ይሃብ፤ ንስዉእ ዘውደ ከኣ ብርሃን-ጸሓይ ይጽናሓዮ።

ብጻይ ተጋዳላይ ዘውደ፤ ብ1935 ኣብ በራቒት፥ ኣውራጃ ኣከለ-ጉዛይ ተወሊዱ፤ ንዝፈትዋን ንእንፈትዋን ሃገርና ኤርትራ፤ ካብ ባዕዳዊት መንግስቲ ኢትዮጰ፞ያ ሓራ ንምውጻእ ከኣ ብ1974 ናብ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ ብጅግንነት ብረታዊ ቃልሲ እንዳፈጸመ ከሎ ኢዩ ብ1977 ኣብ እምባደርሆ ኣውራጃ ኣኩሎጉዛይ ኣብ የማነይቲ እግሩ ዝተወግኤን ዝሰንከለን። ድርባት ናይዚ ደማትን ምስንካላትን ከኣ ኢዩ ንሃገርና ኤርትራ ብ1991 ዓ.ም. ነጻ ንኽትወጽእ ዘብቀዓ። ቃልሲ ህዝቡን፤ ሕድሪ ስዉኣት ብጾትን፤ ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ከኣ ኢዩ ዲሞክራስያውን ፍትሓውን ዕጥቁ ከየዝለቀ ንኣስታት 15 ዓመታት ኣብ መደበር ውጉኣት ሓርነት ከሰላ ብሓልዮት ተ.ሓ.ኤ. ሰ/ባይቶን እንዳተናበየ ብሓደ ወገን፤ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ኣብ ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ኣባል ብምዃን ምስ ብጾቱ ኣብ ሕማቕን ጽቡቕን ቃልስታትን ኵነታትን ብምስታፍ ክቃለስ ዝጸነሐ።

እቲ ኣዚዩ ዘሐዝን ከኣ ካብ 1974 ክሳብ 2006 ማለት ን32 ዓመታት ተቓሊሱ፤ ደሙ ኣፍሲሱ፤ ኣካሉ ሰንኪሉ፤ ተስፋ ሰላምን ጩራ ዲምክራስን ሃገሩን ህዝቡን ከይርኣየ ካብዛ ዓለም እዚኣን ካባናን ምፍላዩ ጥራሕ ዘይኰነስ፤ ብሰንኪ መንግስቲ ኢሰያስ ሕማሙን ቃንዛኡን ተሰኪሙ ካብ ህዝቡ ምፍላዩ እውን ተደራቢ ሓዘን ኢዩ።

ብጻይ ዘውደ፤ ታሪኽካ ከኣ ህዝባውን ነባርን ኢዩ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና፤
ዓወትና ብቓልስና ክራጋገጽ ኢዩ።

ተስፋይ ተኽለዝጊ፤
ኣቦ-ወምበር ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን።

27.04.2006